Eidsvoll kommune

# ሓበሬታ ንወለዲ እቶም እተፈላለየ ቛንቛታት ዝዛረቡ ሕጻናት

**እተፈላለየ ቛንቛ**

መጽናዕቲ ከም ዝሕብሮ፡ ሕጻናት ክልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ቋንቋታት ብሓንሳእ ክምሃሩ ይኽእሉ እዮም። ገሊኦም ሕጻናት ቀልጢፎም እዮም ቋንቋ ዝምሃሩ፡ ንገሊኦም ግን ግዜ ይወስደሎም እዩ። ሕጻናት ቋንቋ ንኽምሃሩ ቐሩባት ዝኾኑ ኣብ መንጎ 1,5 ክሳዕ 2,5 ዓመቶም እዩ። ገሊኦም ሕጻናት ኣብ መውዓል ሕጻናት ምዝራብ ክሳዕ ዝጅምሩ ናይ «ስቕታ» ግዜ ኣለዎም። (ክሳዕ ሽዱሽተ ወርሒ ዝኸውን ክወስደሎም ይኽእል) ንሕጻን ከተገድዶ የብልካን።

መጽናዕቲ ከም ዝሕብሮ፡ ሕጻናት ቋንቋ ኣዲኦምን ኖርወጅያኛን ክምሃሩ ኣገዳሲ እዩ።

ኖርወጅያኛ ዝዛረቡ ኣዕሩኽ ዘለውዎም ሕጻናት ካብቶም ኖርወጅያኛ ዝዛረቡ ኣዕሩኽ ዘይብሎም ንላዕሊ ብቐሊሉን ብዝሓሸን ኖርወጅያኛ ይምሃሩ እዮም። ጽቡቕ ናይ ኖርወጅያኛ ኽእለት ምጥራዮም ትምህርቲ ኽጅምሩ ኸለዉ ኹነ ኣብ ትምህርቲ ጽቡቕ ክጠቕሞም እዩ።

**ወለዲ እንታይ ክገብሩ ይኽእሉ፧**

ኣብ ገዛኹም ብዝከኣል መጠን ቋንቋ ኣዴኹም ተዛረቡ። ምስ ውሉድኩም ብዙሕ ተዛረቡ፡ ድረፉሎም፡ ኣንብቡሎም፡ ዛንታታት ንገርዎም፡ ንሓድሕዱ ዝገጣጠም ወይ ዝተሓሓዝ ቃላት ተጠቐምኩም ኣጻውትዎም። ነቲ ሕጻን ኣብቲ መዓልታዊ እትገብሮ ነገራት ምሳኻ ክትጽምብሮ ጽዓር፡ እንታይ ትገብር ከም ዘለኻ ድማ ንገሮ። በዚ ኸምዚ እቲ ሕጻን ቃላት ንኽእከብ ዝሕግዞ ተመክሮ ክረክብ እዩ። ቋንቋ ኣዲኦም ጽቡቕ ገይሮም ዝኽእሉ ሕጻናት፡ ቋንቋ ኖርወጅያኛ ምምሃር እውን ይቐልሎም እዩ።

እተፈላለየ ቛንቛታት ንሓድሕዱ ይደጋገፍ እዩ፣ ሓደ ሕጻን ከኣ በቲ ዝጥቀመሉ ቛንቛ ብዙሕ ቃላት ክምሃር ኣገዳሲ እዩ። እተፈላለየ ቛንቛ ዝዛረቡ ሕጻናት ነቲ ቋንቋታት ሓዋዊሶም ክዛረብዎ ይኽእሉ እዮም፣ ሓድሓደ ግዜ ኖርወጅያኛ ጥራይ ክዛረቡን ሓደሓደ ግዜ ቋንቋ ኣዲኦም ጥራይ ክዛረቡን ድማ ይኽእሉ እዮም። እዚ ኹሉ ልሙድ ነገር እዩ።

እቶም ወለዲ ነናቶም ቋንቋ ኣደ እንተ ኣልይዎም እሞ ነቲ ሕጻን ክልቲኡ ቛንቛታት ክምሃሮ ኣንተ ደልዮም፡ እቲ ቐንዲ ዘገድስ ነገር፡ «ሓደ ወላዲ ሓደ ቋንቋ ጥራይ» ነቲ ሕጻን ክዛረቦ ኣለዎ። በዚ ኸምዚ እቲ ሕጻን ነቲ ቛንቛ ምስቲ ሓደ ወላዲ ጥራይ ብምትሕሓዝ ብቐሊሉ ኽምሃሮ ይሕግዞ። እቲ ሕጻን ድሕሪ ግዜ ነቲ ቛንቛታት ባዕሉ ፈላልዩ ክፈልጦ እዩ።

ምስ ሰላምታ፡ ሰራሕተኛታት ኣብ ኣይድስቮል ዝርከባ መውዓል ሕጻናት